# ድሕነት ድሕነት ጨንያ መሬት

6ይ ክፋል

ብገዛኢ ኪዳነ

ክቡራት ተኸታተልቲ መርበብ ኢንተርነት፡ ከምቲ ልሙድ ሰላምን ቅሳነትን ንዓኹም ይኹን። ድሕነት ድሕነት ጨንያ መሬት ዝብል ተኸታታሊ ጽሑፈይ ሎሚ ዕድል ረኺበ 6ይ ክፋሉ ኣብ እዋኑ እነሆ የቕርብ' ሰናይ ንባብ ድማ ይግበረልኩም።

ምስ ጉጅለ ባህሊ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኣብ ክልል ትግራይ ብፍላይ ከኣ ህዝቢ ብጻዕቂ ዝርከበሉን፡ ኣብቲ ተኣምር እናሰርሐ ንስለያ ህግደፍ ራዕራዕ ኣቢሉዎ ዘሎ ውፉይ ሰራዊት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዓሪዱሉ ዘሎ ቦታታትን በጺሕና ናይ ምልዕዓል መደባት ከም ዘካየድናን፡ ምስ ዝተፈላለዩ ትካላትን ማሕበራትን ናይቲ ከባቢ ከም ዝተፋለጥናን፡ ዝደለናዮ ምትሕብባር ከም ዝተገብረልናን ሓቢረ ምንባረይ ይዝከር።

እቲ እዋን ወርሓት ክረምቲ ስለዝነበረ ንጉዕዞናን መደባትናን ዝናብ/ ማይ 'ባጁጎ/ ከየተዕናቕፈና'ኳ ሰጊእና እንተነበርና፡ ብዝናብ ዝመጽአ ምስንኻላት ኣየጋጠመናን፡ ወፍርና ወፍሪ ሰላም ኣጠናቒቕና ድማ ናብ ዓዲግራት ተመለስና። ዓዲጋራት ብሰማይ  ጠቀስ ህንጻታትን ኅደናታትን ወቂባ ኢያ። ዘመናውያን ሆተላትን ኅደናታትን ምህላው ነታ ከተማ ዝያዳ ድምቀት ሂቡዋ ኢዩ። ኣብቲ ሆተላት እቲ ናይቲ ከባቢ ፍሉይ መግቢ ጥሕሎን ሜስን መሊኡ ኢዩ። ኮምኡ'ውን ወርሓቱ ኮይኑ ዓዲ ግራት ፈቖዶ ኣንጎሎ ዝሸየጥ በለስ መሊኡ ኢዩ። ንሕና ድማ ናይዚ ሽሻይ እዚ ተቛደስቲ ብምዃና ደስ ኢሉና ኢዩ። ስለዝኾነ ገሊናስ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ምስ በለስ ስለዝተራኸብና ምሉእ መዓልቲ ብልዕ እንተወዓልናዮ'ውን ክንመንዎ ወይ ድማ ክንጸግቦ ኣይካኣልናን፡ ስለዝኾነ ኣብ ምምላስና በለስ ኣብ ፓኮታት መሊእና ናብ ኣዲስ ኣበባ ተማሊእና ኢና። ገሊና ድማ ጥሕሎ ክበሃል ብወረ ጥራሕ እንፈልጦ ዝነበርና ጥሕሎን ኣበላልዓዑን ተማሂርና ተመሊስና ኢና። እዚ እውን ሓደ ጽቡቕ ኣጋጥሚ ኢዩ ነይሩ።

ዝኾነ ኮይኑ ኣብ 5ይ ክፋል ጽሑፋይ ዝሓበርክዎ ካብ ሰራዊትናን ካብቲ ኣብ ከባቢኡን ዘሎ ህዝብን ተሰናቢትና ከተማ ዓዲ ግራት ኣቲና ምስ ኣባላትናን ኣብ ከተማ ዓዲ ግራት ምስ ዝርከብ ናይ ዝተፈላልዩ ትካላት መንግስትን ብኣናን ብህዝብናን ዝግደሱ ውልቀ ሰባትን ተሰናቢትና ጉዕዞና ናብ ኣዲስ ኣበባ ኮነ። ረፋድ ካብ ዓዲ ግራት ተበጊስና ከኣ እዋን ምሳሕ ኣብ መቐለ ኣቶና፡ ኣብ መቐለ ምሳሕና ድሕሪ ምብላዕ ከኣ ጉዕዞና ቀጸልና።

ጉዕዞና ነዊሕ ኢዩ ዓቐበት እምባ ኣላጀ ደይብና ወሪድና ከተማታት ማይ ጨው ዓዲ ሽሁ ….. ወዘተ ሰጊርና ቁልቁለት ኣላማጣ ወሪድና ምሸት ምሕዳርና ኣብ ከተማ ኣላማጣ ኮነ። ኣብ ከተማ ኣላማጣ መደቀሲ ከይንስእን ዝነበረና ስግኣት ግን ጸገም ኣይነበረን፡ ሎሚ ኣላማጣ ብዘመናዊ ሆተላትን ትካላትን ዘንጸባረቐት ከተማ ኢያ ኮይና ዘላ። ንኹልና ዝኣክል መደቀሲ ክፍልታት ኣብ ሓደ ሆተል ረኺብና ሰላም ዘሎዎ ለይቲ ደቂስና ሓደርና። ንጽባሒቱ ግን ንጉሆ ገስግስና ሰዓት ሓሙሽተ ካብ ኣላማጣ  ነቒልና ዝተፈላለየ ናእሽቱ ከተማታትን ከተማ ደሴን ሓሊፍና ቁልቁኣት ወሪድና ብከተማ ኮቦልቻ ሓሊፍና እቲ ብሕርሻ ብኣሕምልትን ብፍራፍረን ሃብታም ዝኾነ ኅልጎል ከተማ ሸዋ ሮቢት ረጊጽና ዓቐብ ደብረሲና

ወጺእና ምሸት ንምሸቱ ብሰላም ኣዲስ ኣበባ ኣቶና። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ቤት ጽሕፈት ውድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኣቲና ምስ ብጾትና ድሕሪ ምርኻብ ንብረትና ኣራግፍና፡ ናይ ዘውፈረና ጉዕዞን ዓወታቱን ንምግምጋብ ኣብ ሳልስቱ ንኽንራኸብ ተቛጺርና ኩልና ነናብ መዕረፊና ከድና።



ካብ ክልል ትግራይ ናብ ኣዲስ ኣበባ እናተመለስና ከለና
መኪናና ጠጠው ብምባል ኣዕሪፍና፡ ነቲ ንዓኒ ዝስሕብ
ንልቢ ዝመስጥ ኣቀማምጣ ናይቲ መሬት እናተዓዘብና።

ኣዲስ ኣበባ ኣብቲ እዋን እቲ ሓያል ዝናብ ዝዘንበሉ ዝነበረ እዋን ኢዩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጥራሕ እውን ኣይኮነን ካብ ከተማ ደሴ ጀሚሩ ኣዲስ ኣበባብ ክሳብ እንኣቱ ዳርጋ ዝናብ ኣይተፈለየናን። ብሓቂ ብርቱዕ ክረምቲ ኢዩ ነይሩ።

ኣብ መዓልቲ ቆጸራና ምስ ብጾት ተራኺብና ኩነታት ጉዞና ገምጊምና፡ ብሓጺሩ ኣብዚ ቀዳማይ ጉዞና ዝገበርናዮ ናይ ስራሕ መደብ ዕዉት ምኻኑ ኢና ገምጊምና። ስለዝኾነ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ንዝጎደለና መሊእና ደጊምና ደጋጊምና ምስ ሰራዊትና እንራኸበሉን ህዝብና እነላዓዕለሉን መደባት ሰሪዕና ክንቀሳቀስ ከም ዘሎና ናይ ኩልና ዕግበት ኮነ።

ምኽንያቱ ናይ ገለ ብጾት ርእይቶ ህግደፍ'ኳ ብሓሶት ብቲቪ ኤረ ጥራሕ ኢዩ ህዝቢ እናደናገረ ዝነብር ዘሎ፡ ንሕና ግዳ ንሓቀኛ ህዝባዊ ዕላማ ንምዕዋት ኣንጻር ሓሳዊ ተግባር ኢሰያስ ብጻዕቂ ዘይንቀሳቀሰሉ ምኽኒያት የለን። ብርግጽ በዛ ናይ ሕጂ ጉዕዞናን ዝሓፈስናዮ ዓወት ክንመዝኖ ከሎና  ህዝብና ኣብ ጎድንና ከነሰልፎ ንኽእል ኢና ዝብል ስሑል ርእይቶ ኢዩ ነይሩ። በዚ ከኣ ኣብ መጻኢ መደባትና ሰሪዕና ብዝሓየለን ብዝማዕበለን ኣገባብ ክንሰርሕ ከም ዘሎና ተኣማሚናን ተሰማሚዕናን ቀጻልነትን ሓያልነትን ናይ ክፍሊ ባህሊ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ክህሉ ከም ዘሎዎ ኣብ ናይ ሓባር ነጥቢ በጺሕና ተፈላለና።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝኣተናሉ እዋን ካሊእ ንህዝቢ ኤርትራ ተስፋ ዝህብ ስራሕ እናተኻየደ ኢዩ ጸኒሑና። ሓደ ሰሙን ኣቢሉ ምስ ጸናሕና ኣብ ርሑቕን ቀረባን ዝነበሩ ኤርትራውያን ናብ ኣዲስ ኣበባ ክኣትዉ ከለዉ ተዓዘብና፡ በዚ ድማ ኣብ ኤርትራውያን ውዕዉን ሓዲሽን መንፈስን ዓሲሉ፡ ነቲ ልዑል ትጽቢት ዝተገብረሉ 'ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ' ንምስልሳል ውድባት፡ ጋዜተኛታት ፡ኣባላት

ሲቪክ ማሕበራት፣ ምሁራት ውልቀ ሰባት፣ ናይ ሃይማኖት መራሕትን፣ ደቂ ኣንስትዮን፣ መንእሰያትን ናብ ኣዲስ ኣበባ በብመዓልቱ ዝኣትውሉ ሰዓት ኢዩ ዝነበረ።




ጉጅለ ባህሊ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ልምምድ ከላ።

ኣብ እዋኑ ድማ ነዚ ርእየ ኢየ ኣዲስ ኣበባ ብደለይቲ መስረታዊ ለውጢ ዝኾኑ ኤርትራውያንን ብዝናብ ኣባጅጎን ኣዕለቕሊቓ ኢለ ዝጸሃፍኩ። ድምጺ መሰልና ደሊና ዝተባህለ መደብ ራድዮ ግና ፍርቱና ዝተባህለት ወይ ዝተባህለ ዝጸሓፎ ኢዩ ተባሂሉ ነቲ ኣነ ብዓይነይ ዝረኣኽዎ ከም ሓሶት ዝገለጽዎን፣ ንዓይ ድማ ከም ሓሳዊ ዝገለጽኑን። ይኹን እምበር ድምጺ መሰልና ደሊና ነቲ ኣብ ርእሰይ ዝወንጨፍዎ ምክፉእ ክእረሙሉን፣ ክንቀፉሉን ዘቕረብክዎ ሕቶ ብኣሳናድእቲ ድምጺ መሰልና ደሊና ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸበን። ኣይግድን! ሕማቕ ኣሰራርሓ ብሓቂ! ዘይተጻረየን ጭብጢ ዘይብሉን ጉዳይ ኣብ ናይ ዜና ማዕከን ወረን ጸለመን ብሕጊ ዘቕጽዕ ምኻኑ ምርዳእ ኣገዳሲ ኢዩ።

ዝኾነ ኮይኑ ናብቲ ዘንቀልክዎ ኣርእስቲ ክምለስ፣ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ኣብቲ እዋን እቲ ኤርትራውያን ካብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ናይ ዓለም ነቲ ዓቢ ውራይ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል ናብ ኣዲስ ኣበባ ይኣትዉ ስለ ዝነበሩ ኣብ ኤርትራውያን ሓዲሽ ናይ ተስፋን ለውጥን መንፈስ ዓሲሉ፣ ንነዊሕ ዓመታት ተራኺቦም ዘይፈልጡ ብጾት፣ ኣሓትን ኣሕዋትን ተሓቛቑፍካ ምስዓዓም ኮነ። ብጠቕላላ ኣዘራርባ ቅድሚ ዋዕላ ኣብ ኤርትራውያን ባና ሰላም፣ ባና ሓድነት፣ ባና ስኒት ዓሰለ። ኣነ እውን ብስንኪ ስደት ንብዙሕ ዓመታት ረኺበዮም ዘይፈልጥ ብጾተይ ረኸብኩ'ሞ ዕላል ናይ ቀደም ተጀመረ። ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ዘሕለፍናዮ ጽንኩር ኩነታትን፣ ኣብቲ ጽንኩር ኩነታት ከማና ዕድል ዘይረኸቡ ስዉኣት ብጾትናን ዘኪርና ነዊሕ ኣዕለልና፣ ድሕሩ እውን ኣብዚ እዋን እዚ ሽግራት ህዝብናን ሃገርና ኣልዒና'ውን ዓሚቕ ዝኾነ ዕላል ኣዕለልና። ኩልና ድማ ኣብዚ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያው ለውጢ ሓድነትን ስኒትን ሓይልታትናን፣ ማዕርነት ሕ. ሰብናን ዝረጋገጸሉን ምትእምማን ዝሰፍነሉን ባይታ

ክምድመድ ከም ዘሎዎ ናይ ኩልና ዕግበት ኮነ። በዚ ድማ መንፈስና ብተስፋ ተመልአ፡ ናይ ቃልሲ ወንና ተላዕለ። ኩሉ ሽዑ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝኣቱ ዝነበረ ኤርትራዊ ሓዲሽ ናይ ለውጢ መንፈስ፡ ሓዲሽ ተስፋ ኣሒዙ ዝመጸ ስለዝኾነ ኩሉ ነዚ ዝካየድ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ሓሪኑ ዝመጸ ኢዩ ነይሩ። ናይዚ ኩሉ ውጽኢት ድማ እነሆ ብዓይና ርኢናዮ ብእዝንና ሰሚዕናዮ። እንቋዕ ድማ ደስ በለና።




ጉጅለ ባህሊ ግንባር ሃገርዊ ድሕነት ኤርትራ ኣሒዛቶ ዝወፈረት መልእኽቲ።

እዚ ዋዕላ እዚ ነቲ ህግደፍን ተሓባበርቱን ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ከተኣታትዎ ዝደልዩ ዝነብሩ ድሑር ስሚዒታትን ፍልልያትን ብትሕዞ ወቺዑ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ዘርጋገጸን ምትእምማን ዝፈጠረን ታሪኻዊ ዋዕላ ኢዩ። እዚ ዋዕላ እዚ ኣብ ታሪኻዊ ማህደር ህዝቢ ኤርትራ ክቡር ቦታ ከምዝሕዝ ጥርጥር የብሉን።

እዚ ክብል ከሎኹ እቲ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብምዕዋቱ፡ ቀጨውጨው ዝበሎም ኣካላት የሎውን ማለትይ ኣይኮነን። ካብ ቀጨውጨው ሓሊፎም ንብዓት ሓርገጽ ዝነብዑን፡ ነቲ ዋዕላ ዘናሽዉን ዓቕሎም ዝጸበቦም ህግደፍን ወይጦታቱን ኣሎዉ። እንተቲ ኣብ ኤርትራ መሰረታዊ ለውጢ ክመጽእ ኣሎዎ ኢሉ ዝቃለስን ዝኣምንን ግን ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ምዕዋቱ ዘይተሓጎሰ ኤርትራዊ የለን። ህግደፍን ተሓባበርቱን ግን በዚ ዝተኻየደ ዕዉት ሃገራዊ ዋዕላ ጽቡቕ ክሓስቡን፡ ክሕጎሱን ዝተጸበዮም ሰብ የለን። ሕጂ'ውን ድሕሪ ምዕዋት ሃገራዊ ዋዕላ ዘካይድዎ ዘሎዉ ናይ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ ዝዓይነቱ ደርገፍገፍ ዝበለ ጠንባር ስብከት ንሰምዖን ንርእዮ ኢና ዘሎና። ግና ምስ ወደቃ ፍሕትሕት መፋሕፍሒ ዝባን ከም ዝበሃል ምስላ ወለድና ኢዩ። ብጉዳይ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ምዕዋቱ ምስ ተሰምዐ ኣብ ኣስመራ እንዳ ህግደፍ ዕብድብድ ኣትይዎም ኢዩ። ቀላጽም ሕቡር ቅልጽምና ከራኻክበሎም ምኻኑ እውን ተረዲእዎም ኣሎዉ። እዚ ስለዝኾነ ኢዩ መራሕቲ ህግደፍ ኣብ ኣስመራ፡ ተሓባበርቶም ድማ ኣብ ወጻኢ ኮይኖም ነቲ ዕዉት ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ክኹንኑን ከካፍኡን ዝውዕሉ ዘሎዉ።

ክቡራት ተኸታተልቲ መርበብ ኢንተርነት ብዛዕባ እዚ ኣብዚ ደው ኣቢለ፡ ኣነ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዕለት 27 ሓምለ ተበጊስ ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት 28 ሓምለ ኢየ

ኣትየ። እዚ ዝገበርኩሉ ምኽንያት ከኣ ኣብቲ ካብ ዕለት 29 ሓምለ ክሳብ ሓደ ነሓሰ ክሳላሰል ዝተዋደደ መበል 25 ዓመት ኢዮቤልዩ ፌስቲቫል ካስል ንምውዓል ኢዩ። ዕድለይ ጸቢቑ ከም ዝሓሰብክዎ ኮይኑለይ ከኣ ኣብቲ ውዕዉዕን ዕዉትን ፌስቲቫል ካስል ውዒለ ኢየ። ስለዝኾነ ኣብ ቀጻሊ ጽሑፈይ ብዛዕባ ፌስቲቫል ካስልን ኣበዓዓላኡ ኮምኡ እውን ካሊእ ዘጋጠመ ነገራትን ክገልጽ ኢየ፡ ንሎሚ ኣብዚ ይኣኽለኒ ደሓን ቀንዩ።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!!

ዓወት ንህዝብና
ውድቀት ንህግደፍን ኮራኹሩን።